ሓምለ 5፡ 2010

ናብ ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ
ኣቦወንበር
ኤርትራዊ ዲሞክርስያዊ ኪዳን



ዶር. ኣንገሶም ኣጽባሃ

## ሃገራዊ ዋዕላ ብዝምልከት

# ክፉት መልእኽቲ

ኣብ'ዚ ድሕሪ ሰለስተ ቅንያት ዝኽፈት ሃገራዊ ዋዕላ ንምስታፍ ዝተገብረለይ ዕድመ እናመስገንኩ፡ ርቡሕ ታሪኻዊ ዋዕላ ንክኸውን ተስፋ ይገብር። እዚ ዋዕላ'ዚ ከም ሓደ ታሪኻዊ መዕጸፉ መጠን፡ ሓዲሽ ምዕራፍ፣ ዝተመሓየሸ ስእሊ ተቓውሞ፣ ፍልልያት ብብቕዓት ንምውጋን ዘኽእል ዝተሓደሰ ፖለቲካዊ ባህሊ ዘለሊ ሃገራዊ ዋዕላ ክኸውን ዘሎኒ ሰናይ ትምኒተይ እናገለጽኩ፣ እዛ ቀጺላ እትስዕብ መልእኽቲ ተቐበል።

ኣብ'ዚ መድረኽ እዚ፡ እቲ ቀዳማይ ዕማም ምውዳቕ ሰልጣን ህ.ግ.ደ.ፍን ምልዋጥ መንግስቲ ኣስመራን ይኹን እምበር፣ እቲ ቀንዲ ግን ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል፣ ሰላምን ፍትሕን ናይ ምስፋን ብቕዓት ከምዘሎ ብዝያዳ ጎሊሁ ዝረአየሉ መጋባእያ ክኸውን ዝዓበየ ትጽቢተይ ከየስፈርኩ ክሓልፍ ኣይመርጽን።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ተቓውሞ መሪሑ፣ ናብ ምዕብሉን ዝንህርን ምንቅስቓስ ንከሰጋግሮ ዘርኣዮ ዘይብቕዓትታ ሓያል ስግኣት ፈጢሩ'ሎ። ብዕርቅን፡ ስኒትን፡ ኣማሲኡ ሰላም ብኡኡ ኣቢልካ ድማ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክትቃለስ ሎሚ ዘየማትእ፣ ዘየማጉት፣ ሰኸኽ ዘየብል ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ዓመት ላዕለዋይ ኢድ ዝሕዝ ዕላማ ኮይኑ'ሎ። ነዚ ዝኸውን መጋባእያ ድማ ግድን ከምዘደልዮ ንነዊሕ ዓመታት ክዝረበሉን ክጸሓፈሉን ጸኒሑ። እዚ ዋዕላ'ዚ ተኣምር ክፈጥር ኣይንጸበዮን፡ ግን ከአ ዝምህረና ቀዳማይ ተሞክሮ ክንቀስም የኽእለና ይኸውን ዝብል እምነቶ ኣሎኒ።

ኣብ ነሓሰ 2009 ኣብ'ቲ ናይ ፍርንክፈርት ሓባራዊ ፌስቲቫል (EPP/EDP)፣ ኣቶ ተወልደ ገብስላሰ፡ "መላእ ደንበ ተቓውሞ፣ ሃገራዊ ዓቕምታቱ ብሓደ ኣንፈት ኣዋዲዱ ዝቓለሰሉ ጉዳይ ሰፊሕ ዋዕላ፣ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምርግጋጽ ይጽንሓለይ ዘይበሃሎ እዋናዊ ዕማም ሰለዝኾነ ንምዕዋቱ ኩልና ብሓባር ክንቃለሰሉ ዘለና መድረኻዊ ዕማም'ዩ" ክብል ዝመድሮ ይዝከረኒ። "ብተብተብ ብዘይ ብቑዕ ምድላው ክሳለጥ ዘለዎ ኣይኮነን ብጥንቃቐ፡ ብጽፈት፡ ብብቕዓትን ብመጽናዕትን ተወዲቡ፡ ክስርሓሉ ይግባእ" ዝብል ኣነ ውን ኣብ'ቲ ናይ ሓድነት መዕጸዊ በዓል ፍራንክፈርት (ታሕሳስ 2009) ኣብ ዘቕረብክዎ መግለጺ ትዕዝብተይ ኣቕሚጠ። ሰለ'ዚ ገለ ካብቲ ናይ EPDP ስክፍታታትን ስግኣትን ሓቅታት ዘይብሉ ስለዝኾነ ኣይኮነን፣ ይኹን እምበር፡ እኹል ምድላው ስለዘይተገብረን ካልእ ሽግራት ኣልዒልካን ቦኹረ ኣሎኩ ምባል ግን ንምንቅስቓስ ተቓውሞ ንቕድሚት ክስጉም ዝሕግዝ ኣይኮነን። ሃገራዊ ዋዕላ ዝምልከት፣ ኩሎም ንኪዳን ዘቖሙ ውድባትን ሰልፍታትን ኣብ ምድላው፣ ኣወዳድባን

*ኣሰራርሓን ምሉእ ብምሉእ ዕግበት ስለ ዘበጽሑ ኣይመስለንን። ንኣብነት ብ29 መጋቢት 2010 ብገለ ኣባላት መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዛዕባ ኣብ ሓምለ 2010 ዝግበር ዋዕላ ራኢ.ይ ቀሪቡ ዝተባህለ ከም ዝስዕብ ይብል፡ " እዚ ዋዕላ'ዚ ሓባራዊ ርእይቶ ኪዳን ዝቦኾሮን ዝተማለአ ምድላው ዘይተገብረሉን ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ዝጋባእ ዘሎን ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ዋዕላ ንገዛእ ርእሱ ኣብ ቅድሚ ብርክት ዝበሉ መኸተታት ይካየድ ከም ዘሎ ንፈልጥ"*

*ጥዑይን፡ ጥጡሕን ባይታ ንሃገራዊ ዋዕላ የልቦን ዝብሉ ርእይቶታት ክቐርቡ ፖለቲካዊ ስሕታን ኣይምተቖጽረን፣ የግዳስ ንዝተራእየ ቀዳዳት እናዓበስካ፡ ዝጎደለ እናመላእካ ነዚ ንመጀመርታ ግዜ ዝግበር ዘሎ ዋዕላ ንኸካየድ ኩሉ ፈተነታት ክጽንቐቕ ነይርዎ- ዝተፈላለየ ዓይነት ሽምግልና ክፍተን። ምትእምማን ይኹን ኣማሲዩኡ ስኒት ተቓራሪብካ ጥራሕ'ዩ ክፍጠር ዝኽእል። EPDP ዝሳተፈሉ መንገዲ ሃሰስ ክበሃል- ብኽልቲኡ ሸነኽ ጥበብ ክምህዝ ነይርዎ።*

*ኣብ'ዚ ወሳኒ ወቕቲ'ዚ ተላዒሎም ዘለው ርሱናትን ፈተንትን ዛዕባታት ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ብመንፋዓት ክምለሱን ክፍትሑን ዘለዎም እዮም። እዚ ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ ፍሉይን ኣገዳስን መስርሕ ናብቲ ዝዓበየ ዕላማ መደያየቢ ደኣ'ምበር መወዳእታ መስርሕ ኣይኮነን። እንደገና ኣድሚቕ ከስምረሉ ድኣ'ምበር ፍሉጥ'ዩ። ንዋዕላ ብሓባር ምእታው እንከ ክንድ'ዚ ዘቃትል ክኸውን ይኽእል ተባሂሉ ዝገምገሞ የልቦን። ንሰፊሕ ፖለቲካዊ ጽላል ከይዱ ከይዱ ድማ ናብ ዝለዓለ ናይ ተቓውሞ ዝሰመረ ግንባር ንምስግጋር እዩ እቲ ዝዓበየ ፈተነ ዝነበረ፣ ካብ'ኡ ዝተረፈ ኣብ'ተን ኣዚየን ዝወሓዳ ነጥበ-ስምምዕ ተጠርኒፍካ ክትቃለስ ዘይምብቃዕ ብሓቂ ኣይግድን። ኣብ ህ.ግ.ደ.ፍ ምውዳቕ ዘቕንዐ ምንቅስቓስ ክንዲ ተስፍን፣ብውሽጣዊ ፖለቲካዊ ጎንጽን ቅርሕትን ተዋሒጥና እነሆ ነታ ዝነኣሰት ናይ ውስንቲ ግዜ መደብ ብሓባር ክትፍተን ዘይውጻእ ዓቐብ ኮይኑ። ምስላጥ ሃገርዊ ዋዕላ ዝተሓተ ናይ ሓባር መደብ'ዩ ። ኣብ ውሽጢ ዋዕላ ዝፍጠሩ ፍልልያት፡ ዘይፍትሖ ፖሎቲካዊ ራእይ ክህልው ንቡር እንድ'ዩ፡ ዘገም ኢ.ልካ ተርክበሉ። ንዋዕላ ምእታው ግን እዚ ኹሉ ሰሓቦ…ንዋዕላ ክእቶ እዚ ኹሉ ህልኽ፣ እዚ ኹሉ ምሕንሓን …ምጽልላም ክረደኣና ኣይከኣለን ዘሎ ኣሕዋት። ሓፊርና።*

*ኣብ ዝሓለፉ ቅንያት ንፍልልያት ንምውጋን ተባሂሉ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኣብ ሞንጎ ኪዳንን EPDPን ዝተኻየደ ዘተ ዘይተጸበናዮ ውጺኢ.ት ኮይኑና ኣሎ። ዝተኻየደ ዝርርብ ጥዑም ወረ ሒዙ ክወጽእ ብዓቢ ሃረርታ ተጸቢና። ዋላ'ውን ኩሉ ነዚ ምብታኽ ጠንቂ ዝኾኑ ብዝርዝር ኣይንፈለጥን፡ ንምበር፡ (minutes ናይዚ ምሽምጋል'ዚ ክረኤ እንካእ'ዩ ሓደ መዓልቲ) ነቲ ካብ ነዊሕ እዋን ኣብ ውሽጢ ደንበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፣ ኪዳን ድማ ብፍላይ፡ ዝተሳቐየሎም ግጉይ ኣንፈታትሓ ፍልልያት፡ መቐጸልትኡ ግን እነሆ ሪኢ.ና። ሓዲሽን ተበላሓትን ክእለታት ኣብ ኣፈታትሓ ውሽጣዊ ጎንጽታት ክፍጠር እንተ ዘይተኻኢ.ሉ ዝዕወት ምንቅስቓስ ተቓውሞ ከምዘየልቦ ናይ ፖለቲካ ተልመድን ውን ክመዝኖ ኣየሸግርን። እቲ ዘፍርሕ፣ ጽባሕ ከመይ ክኸውን'ዩ? ሃገራዊ ዋዕላ'ኸ ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ፍልልያት ንምጽባብን ንምፍታሕን እንታይ ክውስን'ዩ? ድሕሪ ሃገራዊ ዋዕላ'ኸ ብኸመይ ክልቲኡ ሸነኻት ደንበ ተቓውሞ ብሓባር ክሰርሕ'ዩ? እዚ'ዩ እቲ ስጋኣታት።*

*ተቓውሞ እናተዳኸመ ምስ ዝኸይድ፣ ከም'ቲ ኣብ ናይ ካልእ ተሞክሮታት ኣፍሪቃ ዝተራእየ፣ መዓልብኡ ብናይ ወጻኢ. ሓይልታት ክጽለው፣ ጥራሕ ዘየኮነስ ናይ ለውጢ. መስርሕ ብዓቢኡ ዘይኤርትራዊ ሓይልታት ክዝውሮ ጥጡሕ ባይታ ኣስጢሕካ ምሃብ እዩ። እዚ ዋዕላ'ዚ ነዚ ኣብ ውሽጢ. ኪዳን ተፈጢሩ ዘሎ ምውጣጥን ምርጻምን (ኣብ ብረት ኣይተበጽሐን) ብኣግኡ ክእለ፣ ዘተኣማምን መንገዲ ዕርቂ ከናዲ፣ ከም ሓደ ህጹጽ ዕላማ ተገምጊሙ ፍሉይ ጠመተ ክወህቦ ይግባእ። ኣብ ዝኸፍአ ደረጃ ከይበጽሐ፣ እዚ ዋዕላ'ዚ ኣልዒዩ ክዛተየሎም ካብ ዘለዎም ቀንዲ ብዛዕባ ኣፈታትሓ ውሽጣዊ ፍልልያት ክኸውን ይግባእ። እቲ ዋዕላ ንምእታው ዘባተኸ ቀንዲ ምኽንያት ብዛዕባ "መን መለኸ" ዝዓይነቱ ስልጣንካ ከተፍልጥ ዘሳበቦ ኢ.ለ ክኣምን ኣይደልን። እቲ ዘይህደምሉ ሓቂ ግን ደንበ ተቓውሞ ሕቶ ስልጣን ሕጂ ክባተኽሉ ዝፍትን ዘሎ ይመስል። ኣብ ናይ ምድማጽ መድረኽ ምስተበጽሐ፣ ስልጣን ዝዕድልን ዘማቕልን ህዝቢ. እዩ። እዘን ውድባት እዚኣተን ረብሓታትን ድምጽታትን ህዝቢ. ዘይጥምታን*

*ዘየቃልባን እንተደአ ኮይነን፡ ካብ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝፈልየን እንታይ ክበሃል'ዩ። ከም'ቲ ብተደጋጋሚ ክንብሎ ዝጸናሕና፣ ንስልጣን ምቅላስ ኣበሳ የብሉን፡ እቲ ዓቢ ኣበሳ'ስ ንስልጣን ክትብል ነቲ ዝተበገሰካሉ መሰረታዊ ዕላማ ዘድምን ዘቑስልን ኣማስያኡ ዘምክንን ናይ ስልጣን ውድድር ክኸውን ከሎ'ዩ።*

*ኪዳን ኣብዘይ እዋኑ ከይፈርስ ወይ ውን ምሒር ከይቆስል እዚ ሃገራዊ ዋዕላ ይሳለጥ፤ ይፈተን… ክንተሓባበር ድማ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ መርገጽ ወሲድና። ነቲ ኣብ ኣገባብ ይኹን ኣብ ናይ ምድላው ጽፈት፡ ኣብ ሕጽረት ግዜ፣ ይኹን ብኽእላት ኣዳለውቲ መሰረት ብምግባር ፍልልያት ኣልዒሉ ንኽይሳተፍ ዝወሰነ፡ ክፍልታት ተቓውሞ (EPDP ሓደ ካብኦም) ፍልልያቱ ክኽብር፡ ፍልልያቱ ብመነጸር ዋናታቱ ክጥመት ይግባእ። እዚ ፍልልያት እዚ ግን ቅጥዒ ስኢኑ ዕቅኑ ተመጢጡ፡ ከም ፍርቂ መራኸቢ ዝተሳእኖ ክመስል፡ ፋሕ-ፋሕ ኮይኑ ንጽባሕ ዘየላግብን ዘየላዝብን ሓደገኛ ፖለቲካዊ ቅልውላው ከይተኣታቶ ዝዓበየ ጥንቃቐ ይሕተት። ስለዚ'ዩ ድማ፡ እቲ ክሳተፍ ዘይመረጸ' ውን ካብ ኣሉታዊ ዘመተ ክቑጠብ ዘማሕጸን ዘሎኹ።*

*ሕጂ' ውን ኦሮማይ ዝበሃሎ ኣይኮነ። እዚ ዋዕላ'ዚ ናይ መጀመርታ ዋዕላ ጥራሕ'ዩ። ኩሉ ሃገራዊ ዋኒንና ዝውዳኣሉ "መን ወሰደ?…መን ዝፋን ደፍኤ" ዝበሃለሉ ኣይኮነን። እዚ ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ ናይ ጽባሕ ኤረትራ ዝመርሕ ስልጣን ክሰርሕ ዝዳሎ ዘሎ'ዩ ኣይብልን። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ፣ ከም'ቲ ኣሕመድ ናስር (2005) "ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነቲ ብህዝቢ ክምረጽ እንደልዮ ስርዓት መንገዲ ዝጸርግ እምበር ኪዳን ንባዕሉ መተካእታ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ክኸውን ከምዘይደልን ክኸውን ከምዘይክእልን" ክብል ዝገለጾ፣ እዚ ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ ብዛዕባ ናይ ጽባሕ ስልጣን ዝምልከት ውሳነታት ከየሕልፍ (ግዝያዊ መንግስቲ ወይ መንግስቲ ኣብ ስደት ከይእውጅ) ምጥንቃቕ የድሊ። ስለምንታይ'ሲ፡ ኣማስያኡ፡ ኣብ ዋዕላ መን ወዓለ ዘይኮነስ፣ ዝወዓሉ እንታይ ተወዓዒሉ'ዩ። እዚ ዋዕላ'ዚ ንመላእ ናይ ተቓውሞ ድምጽታት ዝውክል ሰለዘይኮነ፤ ክሳብ'ቲ ዝተማለኤ ደረጃ ዝብጻሕ ዓቕምኻን ዓለምካን ምልካዕ። ዘይምህዋኽ።*

*ዋዕላ ነቶም ጠሊፍም ሒዞሞ ዘለዉ ዓበይቲ ይኹን ንኣሽቱ ኣረጊትን ግጉይ ኣሰራርሓን ፖለቲካዊ ልምድን፡ ብብኽእላት ዝዝተየሉ ናይ መጀመርታ መጋባእያ  ክኸውን ይምነ። እዚ ቀዳማይ ናይ ተቓውሞ ምንቕስቓስ መድረኽ ተዓዋቲ ድማ ናብ ድሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ክብጻሕ ምእንቲ እዚ ሕጂ ተፈጢሩ ዘሎ ሓደገኛ ፍልልያት ኣብ ውሽጢ ኪዳን ይኹን ካብ ኪዳን ወጻኢ ዝርከቡ ፖለቲካዊ ክፍልታት፣ ብውሕልነትን ብህጹጽን ክፍታሓሉ ዝኽእል መንገድታት ክጥመት ኣለዎ። ውሽጣዊ ቅልውላው ዓዚዙ እንከሎ፡ ክልተ ወይ ሰለስተ ግማዓት ብማዕዶ እናተፋጠጠ ክነሱ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ቀሊል ኣይኮነን። ይኹን እምበር፡  እዚ ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ፡ በዚ ይኹን በቲ ክካየድ ግድን ኮይኑ፣ ብድልየት ጥራሕ ዘይኮነስ ድፍኢት' ውን ተወሲኽዎ። ንገለ ብጣዕሚ ዘሕዝን ተርእዮ ኮይንዎ ኣሎ። መንግስቲ ኣብ ምትካል እንተትባተኽ'ሲ ሰማዒ ምተረኽበ፤ ኣብ ዋዕላ ንኽትራኸብን ንኽትዛተን ግን እንከ ክንድ'ዚ ሕለፍያ…።*

*ቀዳማይን ቀንድን ኣተኩሮ እምበኣር እዚ ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ ተቓውሞ በብግዚኡ ኣብ ሓደ መዛተዪ መጋባእያ እናተራኸበ ናይ ዓወት እስትራተጂ ክሕንጽጽን ከመሓይሽን፡ ነቲ "ምትእምማን ተሳኢኑ ሓደ ንሓደ ክዕምጽጽ፡ ነንሕድሕዱ ተባቲኹ ኣብ ፈቐድኡ ሓዲሽ ልፍንቲ እናፈጠረ ኣብ ውሽጢ ሓይልታት ተቓውሞ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ መላእ እቲ ብዓቢ ትጽቢት ንፍትሓዊ ምስግጋር ስልጣን ዝጽበ ህዝቢ'ውን እምነት ተሳኢኑ" እናተባህለ ዝእወየሉ ዘለ ፖለቲካዊ ሃዋህው ክልውጥ… ዋና ኣቓልቦኡ ከይሰሓተ ዓቕሙ ከይመቓቐለ ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ስትራተጂ - ምውዳቕ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ  ባይታ ከጽፍፍ ንደሊ።  ነቲ ምሒር ዝተወጽዐ ህዝቢ ካብ ጸበባ ከተውጽኦ ንብረትካን፡ ዓቕምኻን ኣስሚርካ ኣብነታዊ ዝኾነ ምንቅስቓስ ኣብ ምፍጣር ምብቃዕ።*

*እዚ ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ (ዘለዎ ናይ ምድላው ድኽመታት ብዘየገድስ) ነቲ ብዛዖዳ ተወሊዑ ብተደጋጋሚ ዝቐርብ ዘሎ እዋናዊ ሕቶ - ድሕሪ ስልጣን ምልዋጥ፡ ህዝብና ካልኣይ ግዜ ከይጥለም፡ (ኣብ*

ስልጣን ምልዋጥ'ውን ክብጻሕ ምእንቲ) ምክብባርን ምትሕብባር ዝሰፈኖ ፖለቲካዊ ሃለዋት ተቓውሞ እተጽንዕን እትከታተልን ኮሚሽን ክትቀውም ምተደለየ።

እቲ ፍርሕና መን ኣተወ መን ወጸ ወይ መን ተረፈ ኣብ'ዚ ሃገራዊ ዋዕላ ኣይኮነን። ድሕሪ እዚ ዋዕላ'ዚ ንበይኑ ተኣምር ክሰርሕ ዝኽእል ጉጅለ ተቓውሞ የልቦን። ተደላይነት ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ'ዛ ግዜ እዚኣ ዝኣምን፡ ንክዕወት ምትሕብባር (ብዘይ ተጽዕኖ) ክጠልብ ምሉእ መሰል ኣለዎ። ይኹን እምበር፣ ነቲ ብዛዕባ እዚ ሃገራዊ ዋዕላ ፍልልያቱ ዘመዝገበን ክሳተፍ ዘይመረጸን እናራጸምካን እናጸረፍካን እናኣናኣኣስካን ክኸውን ግን የብሉን። ሰለምታይሲ፡ ኣብ መወዳእታ ነንሕድሕዱ ክደላለ ሰለዝኾነ። ኪዳን (ንሱ ዘመሓድሮ ሃገራዊ ዋዕላን) ኣብ ምፍጣር ሰፊሕ ናይ ተቓውሞ ግንባር፡ ኣብ ምጽፋፍ መሰጋገሪ መድረኽ ዘለዎ ዓቕምን ደገፍ ህዝብን ብኸመይ ይምዘን ዝብል ሕቶ ምናልባት ኣብ'ቲ ንዓመታ ዝካየድ ጉባኤ ኪዳን ክቐርብ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ'ዚ ዋዕላ'ዚ፣ ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ቀዳምነታት ጉዳይ ሰላምን፡ ስኒትን ከምዝኾኑ ብንጹር ከቐምጥ ይጽበ።

ኣብ መደምደምታ እንተደኣ ኣብ'ዚ ኹሉ ዓመታት ዝተዋህለለ ብርኩት ዓቕምታትን ዓቢ ተሞክሮን ክንጥቀመሉ ዘይተኻኢሉን፤ ንህዝብና ካብ'ዚ ፖለቲካዊ ደልሃመት'ዚ ዘውጽእ እንተዘይረኺቡን፡ ብርግጽ ንመዋእል ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክንካሰስን ክንክሰስን ክንነብር ኢና። ተስፋ ዘቑርጽ ተርእዮታት ይፈጠር እምበር፣ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዘይቅየር ኣይኮነን። ኪዳን በዚ ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ ኣቢሉ ታሪኽ ክቕይር፡ ዘተስፋው፡ መልእኽቲ ከመሓላልፍ ኩሉ ኤርትራውን ዓለምን ክጽበ ኢዩ።

የቐንየለይ

ቅዳሕ፡
ዶር. በሽር ይሳቕ -  ኣቦወንበር ኣስናዳኢት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ
ኣቶ ወልደሱስ ዓማር- ኣቦወንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
ኣቶ ስዩም ተስፋይ- ኣቦወንበር ዓለምለኻዊ ሓድነት ኤርትራውያን

ምምስራት ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ… ሕጂ
ፍትሕን፡ ሰላምን ንምስፋን ዝካየድ ተጋድሎና… ክዕወት'ዩ
ምስ ዝሰመረ ሓባራዊ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓስ…. ንቕድሚት